መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ምጽሓፍን ፊደላት ምዝርዛርን ጠቓምቲ እዮም!

## ምጽሓፍን ፊደላት ምዝርዛርን ጠቓምቲ እዮም!

ምዝራብን ምስማዕን ንምዕባለ ምጽሓፍ፣ ፊደል ምዝርዛርን ንምንባብን እምነ መሰረት እዮም። ኣብ ቅድመ-መባእታዊ ትምህርቲ ደቅኻ ጉዕዞ ትምህርቶም ይቕጽሉን፡ ርእሰ ተኣማንነት እናማዕበሉ ምስ ቃላትን ምጽሓፍን ዝያዳ ክለማመዱ ይጅምሩ።

### ኣነ እንታይ ክገብር ይኽእል?

- ምስ ደቅኻ ቀጻሊ ኣንብብ። ቃላትን መጻሕፍትን ብሓባር ዳህስሱ፡ ንስኻ ክትጽሕፍ እንከለኻ ኸኣ ኣሳትፎም።
- ብሓባር እናንበብኩም እንከለኹም ብዛዕባ እቶም ዘንበብኩሞም ቃላት ተዘራርረቡ። ንኣብነት ሓደ ዓይነት ድምጺ ዝህቡ ቃላት ከም በዓል ባትን (bat) ካትን (cat) ኣብ መጀመርያ ምድማጽ እዞም ቃላት ብዛዕባ ዝወጹ ድምጽታት፡ ተዘራረቡ። ደቅኻ ተመቻቺኦም ምስ ተቐመጡ ብዛዕባ እቶም ኣብ ምውዳእ ምድማጽ እዞም ቃላት ዝወጹ ድምጽታት ተዘራረቡ።
- መዘኻኸሪ ሓበሬታ፡ ኢመይልን ዝርዝር ዝግዝኡ ነገራት ክትጽሕፍ እንከለኻ ደቅኻ ክሕግዙኻ ኣተባብዓዮም። መታን ምሳኻ ክጽሕፉ ክፍትኑ ወረቐትን ርሳስን ሃቦም።
- ከም ምድላይ ቃላት ዝኣመሰሉ ቀለልቲ ተግባራት ብሓባር ኮንኩም ተጻወቱ።

> ስንክልና ዘለዎም ህጻናት እቲ ዝፈትውዎ ዛንታ ክንበበሎም ወይ ናይ መዋእለ ህጻናት መዝሙር ክዝመረሎም እንከሎ መብዛሕትኡ ግዜ በቲ ዝግበረሎም ጥቡቕ ርክብን ምትብባዕን ጥቕሚ ይረኽቡን ይሕጎሱን። ደቅኻ እንድሕሪ ስንክልና ሃልዩዎም ምስ'ቲ ብቕዓቶም ዝመጣጠን ዓቕን ዘለዎም ንጥፈታት ኣብ ዝሳተፍሉ እዋን እቲ ቤት ትምህርቶም ይድግፎም። ብዛዕባ ንዓኻን ንደቅኻን ዝሕግዙ ቅቡላት ዝኾኑ መሳርሒታት፡ ናውቲታትን ሓሳባትን ምስ መምህር ደቅኻ ተዘራረብ።

> ደቅኻ ካልእ ቋንቋ ወይ ላህጃ እንድሕሪ ዝዛረቡ ኮይኖም ድምጽታት ቋንቋ እንግሊዝ ክሰምዑ ግዜ ከድልዮም'ዩ። ንኩሎም'ዞም ድምጽታት ክሰምዕዎምን ክብሉዎምን ክሳብ ክልተ ዓመት ወይ ካብ'ኡ ንላዕሊ ክወስደሎም ይኽእል'ዩ።

- ደቅኻ ዝሰርሕዎም ፊደላትን ስእልታትን ሰቒልካ ከምዝረኣዩ ግበር። ከም'ዚ ዓይነት መዘኻኸሪ ትዕዝብቲ ጸሓፈሎም፡ ኣነ ኣዝየ ኩሩዕ'የ ብኣኹም!
- ኣብ ገበር ማዕጾ መዝሓሊ/ፍሪጅ ወይ ከኣ ኣብ ሓደ ማግነታዊ ሰሌዳ ማግኔታዊ/ዝለግብ ፊደላት ኣልፋቤት ተጠቐም። ደቅኻ ቃላት ክሰርሑ ሓግዞም።
- ኣብ ገዛ እንከለኹም፡ ኣብ ደገ ምስ ወጻኹም፡ ብእግሪ እናተጓዓዝኩምን ክትገሹ እንከለኹምን ኣብ ምልክታትን ኣብ ዱኳናት/ንግዳዊ ቦታታትን ቃላት ድለዩ።
- መልእኽትታት ገዛ ዝጸሓፈሉ ሰሌዳ ኣዳሉ፡ መልእኽቲ ንደቅኻ ኣብኡ ጸሓፍ። ንዓኻን ንኻልኦት ኣባላት ቤተሰብካን መልእኽቲ ኣብኡ ክገድፉልካ ኣተባብዓዮም።
- ዘይተደልየ ዝመጸካ ደብዳቤታት የዐሪኻ ተጠቐመሉ። ንደቅኻ ከምዚ ዝስዕብ ክገብሩ ሕተቶም፡
  - ገለገለ ፊደል ንኣብነት 'm'ን ገለ ድምጺ ንኣብነት 'ሽ' 'sh' ዘለዎም ቃላት ክኽብቡ።
  - ኩሎም ክልተ ፊደል፡ ሰለስተ ፊደል፡ ወዘተ ዘለዎም ቃላት ክስምርሉ።
  - ክንደይ ግዜ ከም በዓል 'the' ዝብል ቃል ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ክፈቕዱ - እዚ ልሙዳት ቃላት ክለልዩ ይሕግዞም።

> ቴሌቪዥን ኣጥፍእዮ፡ ንደቅኻ መኻልፋቲ እንተዘይሃልዮም ኣቓልቦ ክገብሩ ዝቐለለ ይኸውን፡

Department of
**Education**

ዝያዳ ጽሑፋት
ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ
**education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።**

© Department of Education, Western Australia, 2015
CC BY